# ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምቅዋም ዝጽውዕ ወረቓቕቲ ተዘርጊሖ

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
27.04.2006

ንሰራዊት ምክልኻል ኣብ ጐድኒ ህዝቡን ኣብ ጐድኒ ዲሞክራስን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ደው ክብልን፤ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ክጻረርን ዝጽውዕ ወረቓቕቲ ኣብ ገለገለ ከተማታት ኤርትራ ተዘርጊሖ። እዚ ፍጻሜ'ዚ ኣብ ኣመሓደርቲ እተን ከተማታት ስንባደን ቍጥዐን ከምዝፈጠረ ካብ'ቲ ቦታታት'ቲ ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

መብራህቶም ጸጋይ እተባህለ ኣመሓዳሪ ከተማ እንዳገርግስ፡ ወረዳ ዓዲ ኳላ፡ ብ24 ሚያዝያ 2006 ንህዝቢ ኣኪቡ፡ ናይ ከተማታት ሚሊሻ ግቡእ ሓለዋ ስለዘይገብሩ፡ ተቓወምቲ ኣብ ውሽጥና ይዕንድሩ ኣለዉ፤ ካብ'ዚ ሓሊፎም ናይ ከተማታት ሚሊሻ ምስ ጸረ መንግስቲ ዝኾኑ ተቓወምቲ ሓይልታት ይተሓባበሩ ኣለዉ ክብል ወቒስዎም። ኣስዒቡ፡ ነዚ ኵነታት'ዚ ስኽ ኢልና ኣይንዕዘቦን ኢና፡ በብሓደ ለቂምና ከነውጽኦም ኢና ብምብል ውን ኣጕባዕቢዕሎም። ካብ'ታ ዕለት እቲኣ ኣትሒዙ፡ ህዝቢ ካብ ሰዓት 8 ናይ ምሸት ኣብ ገገዝኡ ክኣቱ ዝብል ናይ እቶ እቶ ሰዓት ውን ከምዝወሰኑሎም ተፈሊጡ ኣሎ።